## ኣገልግሎት ቴራፒ ዘረባን ቋንቋን ቆልዑት

ምኽሪ ንወለድን ኣለይትን።

# ንዘይንጹር ዘረባ ዝዛረቡ ቆልዑት ምሕጋዝ

1. **ነቲ እቲ ቆልዓ ዝብሎ ድገምዎ፡ ግን እቲ ቅኑዕ ዘረባ ተዛረቡ።**
   እቲ ቆልዓ ሓንቲ ቃል ብጌጋ እንተተዛሪቡ፡ ንስኹም ድገሙሉ እሞ ቅኑዕ ድምጺ ዘረባ ግን ተዛረቡ።
   እዚ ድማ ከም ዝተረዳእኩም ዘርኢ እዩ ከምኡ'ውን ብቅኑዕ መንገዲ ከምይ ኢልካ ከምእትብሎ ክትምህሩ የኽእለኩም እዩ።

2. **እቲ ቆልዓ ቃላት ከምዝደግም ኣይትግበርዎ።**
   ህጻናት ሓድሽ ድምጽታት ክፍትኑን ዘረባኦም ከማሓይሹን ህድኣትን ርእሰ-ምትእምማንን ክስምዖም የድልዮም። ኣብ ጌጋታት ምትኳርን ነቲ ቆልዓ ቃላት ከምዝደግም ምግባርን ሓጋዚ ኣይኮነን።

3. ናይ ዝርርብ **ርእሰ-ምትእምማን ውላድኩም ህነጹ**
   ገለ ክፋል እቲ ቆልዓ ዝበሎ እንተተረዲእኩም፣ ጽቡቕ ከም ዝገበረ ንምርኣይ ድገምዎ እሞ ምዝራብ ንክቕጽል ኣተባብዕዎ።
   እቲ ቆልዓ እንታይ ክብል ከም ዝኽእል ንምግማት ዝሕግዝ ከም ናይ ገዛ-መምሃሪ መጽሓፍን ስእልታትን ዝኣመሰሉ መሳርሒታት ተጠቐሙ። እዚኦም ዘረባ ናይቲ ህጻን ንጹር እንተዘይኮይኑ ክሕግዙ ይኽእሉ እዮም።

4. **ከም ዝተረድኣኩም ኣይትምሰሉ**
   ከምዚ ፈትኑ፡
   - ሕቶታት ምሕታት።
   - "ኣርእየኒ..." ብምባል ድማ ነቲ ቆልዓ ናብ ነገራት ከመልክት ኣተባብዕዎ።
     እንተዘይተረዲኡኩም ነቲ ቆልዓ ንገርዎ።
     መጸናናዕቲ ኩኑ ድሕሪኡ ብዛዕባ ሓደ ኣወንታዊ ነገር ተዛረቡ።

5. **ቆልዑ ድምጺ ከድምጹ ይኽእሉ እዮም ግን ቃላት ዘይክጥቀሙ ይኽእሉ እዮም።**
   እዚ ንቡር እዩ። ንኣብነት ሓደ ቆልዓ 's...' ክብል ይኽእል'ዩ ግን ካልሲ (sock) ንምባል 'Tock' ክብል ይኽእል እዩ።
   እቲ ቆልዓ ነቲ ድምጺ ብቃላት ከመይ ጌርካ ከም እትጥቀመሉ ክመሃር ኣለዎ፣ እዚ ድማ ዝተወሰነ ግዜ ክወስድ ይኽእል።

እቲ ዝበለጸ መንገዲ ንምሕጋዝ፡ ቅኑዕ ድምጽታት ንኽሰምዑ፡ ነቶም ቃላት ብትኽክል ምድጋም እዩ።
ሓድሓደ ግዜ፡ ናይ ዘረባ ቴራፒ ከድሊ ይኽእል እዩ።